ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# ሰልፊ ናህዳ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ
# ኣብ ሎንዶን ዑዉት ኣኼባ ኣካይዱ

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ዓብይ ብሪጣንያ “ሕጂውን! ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቅድሚ ኹሉ!” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብዕለት 21 ጥሪ 2017 ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ኣዕዊቱ። ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ዓባይ ብሪጣኒያ ብርክት ዝበሉ ኣባላትን ደገፍትን ሰልፊ ዝተረኽብሉ ኣኼባ ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ሰልፍን ኣቦወንበር ጨንፈር ዓባይ ብርጣኒያን ሓው ጀማል ፍትዊ ንፖለቲካዊ ገምጋም ኤርትራ ኣመልኪቱ ካብ ዝሃቦ መብሪሂ፡ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብሰንኪ ኣብ ኩሉ ቀጸላታት ሃገር ኣተኣታትይዎ ዘሎ ሰብኣውን ማተርያላውን ዕንወትን ብርሰትን፡ ነታ ሃገር ናብ ሓደጋ ምብትታን ይመርሓ ምህላዉን ብጹሚቕ መሰረታዊ ሓቅታት ኣብ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ድሕሪ ምብራህ፡ እዚ ቅልውላው እዚ ብፍላይ ኣብ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ካላኦት ዱኹማት ኣካላት ሕብረተሰባት ኤርትራ ዘምጸኦ ሳዕቤናትን ብዝርዝር ኣቐሚጡ። ከምሳዕቤኑ ኣብዚ ቅንያትዚ ኣብ ዓዲ ወደርኪ ዘጋጠመ ኣብ ልዕሊ 80 ዝኾኑ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተገብረ መጭወይቲ ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ-ደመኛ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑን ሃገርና ካብ ስርዓት ህግደፍ ዝሽፍአ ጸላኢ ከምዘይብላን ብምግንዛብ ብኹሉ መዳያዊ ስሙር ዓቕሚ ህዝብና ብምውዳብ ንምውጋዱ ኣብ ዝግበር ቃለሲ ሰልፊ መሪሕ ታራኡ ከምዝጻወት ኣብሪሁ።



ቀጺሉ ደምበ ተቓውሞን ሃገራዊ ባይቶን ኣመልኪቱ ኣደራዕ ውጺኢት ግርጭታት ብምኳነን ነቲ ስቓይ ተሓንጊጡ ዝበርስ ዘሎ ህዝብን ነቲ ንዑኡ ዘዕርብ ዘሎ ናይ ሓባር ጸላኢ ክሳብ ምርሳዑ ኣብጺሕወን ከምዘሎን፡ ናይ ሓላፍነት ኮረቻ ዝሻመዉን ዝሓልሙን ዘለው ኣብ ምስሳይን ምዕዛብን ግዜና ዝበልዕ ዘሎ ኣካይዳ ቃልሲ ዳግማይ ርእቶ ናይ ምግባር ሓንትን ናይ መወዳእታ መፍትሒ ሃገራዊ ባይቶ ከምዝሰፍሐ መቃለሲ መድረኽ መጠን ውድብና ንጡፍ ተሳታፍነቱ ከጎልብት ብሓደ ወገን ኣጋጢሙዎ ካብ ዘሎ ደውታ ንኽወጽእን ግቡእ ገምጋም ብምክያድ ዘየዳግም ትምህርቲ ንክረኽበሉን ኣብ ምግባር ካብኡ ዝጥለብ ኣበርክቶ ንክገብር ሙኳኑ ኣፍሊጡ።

ኣቦወንበር ጨንፈር መደርኡ ብምቕጻል ንቐዳም ዕለት 28/01/2017 ኣብ በርሚንግሃም ዝጽዋዕ ዘሎ ኣኼባ ንሰልፊ ናህዳን ጨንፈር ዓብይ ብሪጣንያን ከምዘይውክልን ብስም ኣራሚት ሽማግለ ብሙሳ በሽር ዝካየድ ዘሎ ኣዕናዊ ምንቅስቓሳት ንረብሓ ህዝቢ ዝጻረርን ህሉው ኩነታት ህዝብና ኣብግምት ዘየእቱ ምኳኑ ኣረጋጊጹ።

ኣባል ማእከላይ መሪሕነትን ተሓጋጋዚ ቤት ጽሕፈት ውደባዊ ጉዳያት ሰልፊ ሓው የሱፍ ኢብራሂም ብወገኑ ንዲሞክራስያዊ ኣገባብ ኣፈታትሕ ውሽጣዊ ኩነታት ሰልፊ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ ብመሰረት ውሳኔ ሳልሳይ ጉባኤ እቶም ሓንኮልቲ ቃልሲ ንዝቐረበሎም ዕድል ብዘይምቕባሎም እቲ ውሳኔ ኣብልዕሊኦም ከምዝተተግበረ ኣስሚሩሉ። ኣብ መወዳእታ ካብ ተሳተፍቲ ኣኼባ ንዝመጹ ርእቶታት ሕቶን መልስን መብሪሂ ብምሃብ ንዝተቐበልዎ ለበዋ ከምዘብጹሑ ብምርግጋጽ ኣኼቦም ብዓወት ዛዚሞሞ።

**ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**22/01/2017**